# ራእይ ዮሃንስ

## 4ይ ትምህርቲ - ሐ

### ራእይ 1:1-8
### መእተዊ ናብ ራእይ ዮሃንስ

**ምስጋና “ንእኡ” (1፥5-6)**

ዮሃንስ ነቲ እተኸስተሉ ራእይ ብዛዕባ ዳግመ-ምጽኣት ናይ የሱስ ክርስቶስ እናኣድነቐ ምስጋና የበርከተ። “ንእኡ፡ ነቲ ዜፍቅረና ዘሎ፡ ካብ ሓጢኣትናውን ብደሙ ዝሓጸበና፡ ንእግዚኣብሄር ኣቦኡ መንግስትን ካህናትን ክንኮኖ ዝገበረና፡ ክብርን ስልጣንን ንዘለኣለም ንእኡ ይኹን። ኣሜን” (ራእ 1፥ 5- 6)።

ኣቐዲሙ ኣብ 1፥4-5 ሰላምታ ብስም ስላሴ ምስ ኣቕረበልና። ቀጺሉ ፍሉይ ኣተኩሮ ናይ ምስጋና ኣብ የሱስ ክርስቶስ ክንገብር፡ ከነቕልበሉ ድማ ብዛዕባኡ ሰለስተ ዓበይቲ ሓቅታት ይሕብረና።

1. ክብርን ስልጣንን ንዘለኣለም ንእኡ፡ ነቲ ዜፍቅረና ዘሎ ይኹን፡ ኣሜን ይብል። ነቲ ዘፍቀረና፡ ብሕሉፍ፡ ብታሪኽ፡ ብዛንታ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሕጂ፡ በዚ እዋን እዚ፡ ኣብዚ ዘሎናዮ ኵነታት ከሎና ዘፍቅረና የሱስ ክርስቶስ። ንሱ እሙን ምስክር፡ በኹሪ ምዉታት፡ ርእሲ ነገስታት ምድሪ ክነሱ፡ ነቶም እንኣምን መፍቀሪ እዩ። ሕጂ ምስ ዮሃንስ ኴንና ንሕና ድማ እቲ ፍቕሩ ነስተማቕሮ።

2. ነቲ ብደሙ ዝሓጸበና ክብርን ምስጋናን ይኹን። ብተመክሮኸ እዚ ፍቕሩ ንኣናስ፡ ምኣስ እዩ ጀሚሩ? ካብ ሓጢኣትና ብደሙ ምስ ሓጸበና። ሓጢኣትና፡ ንኣምላኽ በደልቲ፡ ብውሽጥና ብሞራላውን መንፈሳውን መንገዲ ብልሹዋት ዚገብረና እዩ። የሱስ ክርስቶስ ግና ብደሙ ተብጅዩ ይቕሬታን ምንጻህን ምሕዋይን ገይሩልና። እተለወጡ መንፈሳውያን ሰባት ስለ ዝገበረና ነመስግኖ። ብደም የሱስ ክርስቶስ ተሓጺብና ክብል ከሎ ብምሳሌ ናይ ብሉይ ኪዳን ስርዓት ናይ መስዋእቲ ገይሩ እዩ ዘረድኣና ዘሎ። ክሳዕ ክንደይ እዩ ዘፍቅረና? ክሳዕ በጃ ዝኾነልና ማለቱ እዩ (ቲቶስ 2፥11-14)።

3. ነቲ ንኣቦኡ ካህናትን መንግስትን ዚገበረና ምስጋና ይኹኖ። (1ይ ጴጥ 2፥9) ሰንፈላል ምኧን ባህ ኣየብልን እዩ። ምስ ተፈቶና፡ ምስ ተዓረቕና ግና ንውደብ፡ ንዕስከር፡ ንዕጠቕ፡ ንወፍር፡ ማለት መንግስትን ካህናትን ንእግዚኣብሄር ኣቦ ንኸውን። ከም ካህናትን ኣገልገልቲ ነፍሲ ንኸውን። ሕብረት ኣሕዋት ንምስርት። ግብረ-ሰናይ ነበርክት። ጉባኣኤታት ይካየድ። ከስኰስቲ ነፍሲ ንኸውን። ኣብዛ ጸልማት ዓለም ቀንዴልን መብራህትን ንኸውን። ከም የሱስ ክርስቶስ፡ ናይ ክህነት ኣገልግሎት ኣሎና። ከም ሙሴ መስረትቲ ስድራን ሕብረተ ሰብን ኣምላኽ ንኸውን። ከም ጳውሎስ ንውሉድ ወለዶ ነገልግል። ኣገልግሎት ክህነት ኣሎና። ነፍስ-ወከፍ ኣማኒ ካህን እዩ። ዘበርክቶ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ኣለዎ። በዚ ዮሃንስ ምስጋና የቕርብ።

መንግስቲ (ነገስታት) ድማ። 1. እተጠርነፉ ህዝቢ ኣምላኽ፡ ማለት ማሕበር ገይሩና። 2. ዝዓጠቑ ማሕበር ንመንፈሳዊ ገድሊ ገይሩና። 3. ተስፋ ዝግበረሉ ጽድቂ ዝነግሰሉ ሓድሽ ሰማይን ምድርን ክትከልን ኣብኡ ተሳተፍቲ ክንከውን መዲቡና።

4. ጭርሖ ራእይ ዮሃንስ - 1፥7። ራእይ ብዛዕባ እንታይ ምኧኑ ዮሃንስ ኣብ 1፥1-3 ኣቐዲሙ ይነግረና። ሽዑ ኣብ 1፥7 ነቲ ኣብ 1፥1-6 ኣቐዲሙ ዝበሎ፡ ሕጂ ስምዒቱ ረሲኑ፡ ብዛዕባ እቲ ዝዛረብሉ ጕዳይ ክጭርሕ ከሎ ንሰምዖ፡ ከምዚ እናበለ።

እንሆ ይመጽእ ኣሎ።
እንሆ ብደበና ይመጽእ ኣሎ።
እንሆ ኵለን ኣዒንቲ ኪርእይዎ እዮም።
እንሆ እቶም ዝወግእዎ ከኣ ኪርእይዎ እዮም።
እንሆ ብዘለዉ ዓሌታት ምድሪውን ኪበኽዩሉ እዮም።
እንሆ። እወ ኣሜን።

እንሆ ይመጽእ ኣሎ ዝዓበየ ክፍጸም ዘለዎ ትንቢት፡ ዓቢ ኣርእስቲ ናይ ሓዲስን ብሉይን ኪዳን፡ ፍሉይ ኣርእስቲ ድማ ናይ ራእይ ዮሃንስ እዩ። የሱስ ክርስቶስ ኪምለስ እዩ። ራእይ 22፥ 7ን 12ን 20ን። ግብ 1፥11 ቲቶስ 2፥12-13 ተመልከቱ። ነዚ ምምላሱ ዮሃንስ ኣሜን ጐይታ የሱስ ንዓ እናበለ ብሃንቀውታ ይቕበሎ።

ብደበና። ግብ 1፥9። ማቴ 24፥30። 26፥64። 24፥30። ማር 13፥26። 14፥62። ደበና ከም ልብሲ ግርማ ናይ እግዚኣብሄር ኰይኑ እዩ ዚንገር ዘጽ 19፥18። መዝ 18፥11። ኢሳ 19፥1። ኪምለስ ከሎ ሕጻን ናይ ቤትልሄም ኰይኑ ኣይኮነን ዚምለስ። ኪምለስ ከሎ ብዓጀባ ንጉስ ኲሉ ፍጥረት ኰይኑ እዩ ኪመጽእ። ብደበና ይመጽእ ኣሎ፡ ማለት ብመለኮታዊ ክብሪ ኪግለጽ እዩ።

የሱስ ብግርማ ምስ መጸ፡ እንሆ ሾለን ኣዒንትን እቶም ዘወግእዎን ኪርእይዎ እዮም። ኩሎም ሰባት ኪርእይዎ እዮም። ኩሎም ብሓንሳእ ኣብ ሓደ እዋንን ቦታን ናይ ግድን ዘይኰነስ በቲ ምግሃዱ ዚካየድሉ ክርእይዎ እዮም። እቶም ዘወግእዎ ክርእይዎ እዮም። ጲላጦስ፡ ሃና፡ ቀያፋ፡ ኩሎም እቶም ስቐሎ ኢሎም ዝጨደሩን ዝሸንከርዎን ኪርእይዎ እዮም። እቶም ዝነጸግዎ። እቶም ሸለል ዝበልዎ … ወዘተ፡ ኪርእይዎ እዮም  ቍጽርና ኣብዚኦም ከይኸውን ንለብምን ንጠንቀቕን።

ብዘለዉ ዓሌታት ምድሪ ክርእይዎን ኪበኽይሉን እዮም። በቲ ዳግማይ ምጽኣቱ፡ ከም እተመልሰ፡ እቶም ዝሰቐልዎ ጥራይ ዘይኰነስ፡ መላእ ዓለም፡ ማለት ኩሎም ነጻግቱ ክፈልጡን ክርእይዎን እዮም። ነቲ ምምላሱ ግና ነዞም ኣቐዲሞም እተጠቕሱ ኩላቶም መብከይኦም፡ ዋይዋይ ምባሎም፡ መሰምበዲኦም ኪኸውን እዩ። ስለምንታይ?

እወ፡ ኣሜን። ነቲ ዳግማይ ምጽኣት ናይ የሱስ ክርስቶስ ብብኽያት ዝቕበልዎ ክህልዉ እዮም። ብኣንጻሩ ድማ፡ ከም ዮሃንስ፡ እወ፡ ኣሜን፡ ጐይታና የሱስ ንዓ ኢሎም ብሃንቀውታን ብርግጽነትን ዝጽበይዎን ዝቕበልዎን ክህልዉ እዮም። 22፡20። ቍጽርና ኣበይ፡ ምስ መን እዩ?

ክታም ራእይ ዮሃንስ - 1፣8

ቀጻሊ ትምህርቲ